# መልእኽቲ

መልእኽቲ ንኤምባሲ ካብ መራሒ ጃንዳ
ትጽቢትና ኣባኹም'ዩ ንዘለና ዕዳ
ንፈርሕ ኣሎና እዛዓመት ኣይግዳ

ብቁልጡፍ እዚ ገንዘብ እንተዘይ ትአኪቡ
በብሓደ ኢኹም ንሃገር ክትስሓቡ
ኣብዚኣ መጺእኩም ድኸትኩም ክትጸግቡ

ኤምባሲ ይርዕድ ነዚ ምስ ኣንበቦ
ቀዳማይ ሓሊፉ ዳሕራይ ምስ ስዓቦ
ሓደ ድሕሪ ሓደ ምስ ተደራረቦ

በይኑ'ዉን ይዛረብ'ታይግበር ይብለና
በዚሑናስ ሎምስ ኤረ ዘይገድፈና
እንተደለዩ'ዉን ዘየፋነወና

ዘየዋጻኦ ግን ምኧኑ ፈሊጡ
ይሕብሮም ድኣ እቶም ናቱ ወጣጡ
ድሕር'ኧ ኣይብሉ ሃገሮም ክሸጡ

ብኣአቶም ይእክብ ማሓበረ ሰባቱ
ከምቲ ናይ ኅይትኡ ይነዝሕ ሓሶቱ
ቢሉ የዋፍሮም መኸተ መክቱ

ኣኸባ ይገብረሎም ኣኸባ ወኻሩ
ዝተላእኮ ይብሎም ኩሉ ብዝርዝሩ
መኸተ ንጥፍኣት ስመሩ ስመሩ

ሰሰለስተ ሚኢቲ ሰሊዑ ክኸፍሉ
ኣብ ሓጺር እዋናት ንሕስያ ዘይብሉ
ብዙሓት ኣለዉ ገና ዝታለሉ

ብዝቀልጠፈ ገንዘብ ገንዘብ ገንዘብ
ኣብ ኣኸባ ኣብ ገዛ እናበልኩም ዘብዘብ
ከይፈልጥ ጉድና ከይላዘብ

ዝኸፍል ሲኢኖም ዋላ'ዉን እታ ሳንቲም
ማይሓቑኖም ኣጽቕጥ ኣቢልካ ትም
ሓሙኹሽቲ ሓፈስካስ ዉሕ ዉሕ ኢልካ ኩድም

እሞ ፈስቲቫልና ንበሎ መኸተ
ክመጻአና እዩ ኩሉ ዝሃዉተተ
እናርኤ ኸሎ ዓይኑ ዝጋህመተ

ካብ ሃገር ክመጽኡ ንፋዓት ደራፎ
ዘይተሰምዔ ማይ'ዉን ዘይሓለፎ
ከስምዕኹም እዮም ቓና ናይ  ወላፎ

ናይ ለብዘበን ሕሉፍ ጉዳም'ዩ ጉዳም
መኸተ እናበሉ ገዛ ገዛ ዳምዳም
ወይ ጉሩም መኸተ ንፌስቲቫል ምዕዳም

ኣቱም ተጋፍሩ እኪያት ትኣልሙ
ግደፉ በጃኹም ለብሙ ለብሙ
ትርእይዎ ኣለኹም ክፈስስ እቲ ደሙ
ባዓል ላዕልን ታሕትን ብሓባር ኣልሚሙ
ይሓርዶ ኣሎ ንኹሉ ኣጋዲሙ
ተጻይ ህዝቢ ዕማም ኣይትዕመሙ

መራሕ ጃንዳ እዩ ብደም ዝተሓጽበ
ኣሕዋትናን ኣሓትናን ጎድኖም ዝሰለበ
ዓዕጽምቲ ዝቁርጥም ገና ዘይጸገበ

ሸግር ሓላፋይ እዩ ሕሰቡ ሕሰቡ
ኣደራዕ ህዝብና ከቢዱ ዘቅቢቡ
ድሓር ከይኮኖኩም ዘይወጽእ ሰበቡ

ዓወት ንህዝብና !!!!
*ብ ሃይለሚካኤል ድራር*
7.ሓምለ 2008